# ሓደስቲ ማዕቀባት - ንቈልዑ ሓደ ዝዓይነቱ መዓልቲ

## ኣብ ናይ ኦደንሰ ኮሙን ዝመሃሩ ቈልዑ ንዘለውኹም

ምልጋብ ኮሮና ፡ ኣብ ኦደንሰ ይኹን ኣብ ሙሉእ ሃገር ፡ይበዝሕ ኣሎ።  ኣብ ዓበይትን ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንጎ ናይ መወዳእታ ዓመት ተመሃሮን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ መንእሰያትን ምትሕልላፍ እዚ ሕማም ከም ዝወሰኸ ዝርኸ እዩ ፤ ስለዚ ንደቅኹም ብዘይ ስግኣት ናብ ትምህርቲ ክትሰድዎም ንኽትክእሉ ፡ ንምኽርታት ሓሎዮት ጥዕና ብዘይ ምቁራጽ ነተኩረሎምን ንስዕቦምን ኢና።

### ሓደስት ማዕቀባት - ካብ ዕለት 29 ኦክቶበር

ብፍላይ ንህዝባዊ በዓላት ብዝምልከት ፡ ኣብ ናይ ሓባር ቦታታት ብዛዕባ ዝግበር ሽፋን ኣፍን ፡ ኣብ ጊዜ ዕረፍቲ ምስ ክንደይ ሰባት ክንራኸብ ብዛዕባ ምኽኣልና ዝነግሩ ማዕቀባት ብሰበስልጣን ተዋሂቦም ኣለዉ። ደቅኹምን ባዕልኹምን ንጊዜ ዕረፍትኹም ተጠንቂቕኩም ከተሕልፉ ንኽትክእሉ ኣብ  [www.coronasmitte.dk](http://www.coronasmitte.dk) ንዘሎ ኣንብቡ።

### ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝነበረ ስርዓት ኣይተቐየረን

ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ፡ ማለት ቤት ሸቐጥ ፡ ቤት መጻሕፍቲ ወዘተ.. ዘሎ ስርዓት ሽፋን ኣፍ ንኣብያተ ትምህርቲን (መዓልታዊ ቅዋማትን - ንኣሽቱ እንተሃልዮምኹም) ዘጣቓልል ኣይኰነን። ስለዚ ንውላድካ ኣብ ተምጽኣሉን ትወስደሉን ሽፋን ኣፍ ክትገብር ኣየድልይን እዩ።

ተመሃሮ ከም ቀደሞም ምስ መማህርቶም ክኾኑ ስለ ዘለዎም፡  ዝእከቡ ሰባት እንተበዝሑ 10 ክኾኑ ይግባእ ዝብል ድረታ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሕ ኣይኰነን።

### ነቶም ጠቐምቲ 'ኣመላት ኮሮና' ኣይትግደፉዎም

ቈልዑ ሕጂ'ውን እንተኾነ ክትመጹን ክትከዱን እንከለኹም ኣእዳው ምሕጻብ ወይ ብኣልኮሆል ምጽራይ ከም ዘለዎም ኣዘኻኽሩዎም። ከምኡ'ውን ቈልዓ ምልክት ሕማም እንተድኣ ኣርእዩ ፡ ኣብ ገዛ ሓዝዎ።

እቶም ቈሉዑ ነቶም ጠቐምቲ 'ኣመላት ኮርና' ፡ ማለት ምሕጻብ ኣእዳው፡ ብኣልኮሆል ምድራዝ ፡ ኣብ እጅገ ምህንጣስ ፡ ርሕቀት ምሕላው ከም ዘለዎም ፡ ሓዲስ ንፋስ ኣድላዪ ምዃኑ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ  ከየቋረጹ የዘኻኽርዎም እዮም። ከምኡ ከኣ ሓደ ቈልዓ ወይ ሰራሕተኛ ምልክት ሕማም ኮሮና እንተተራእዩዎ ናብ ገዝኡ ከም ዝኸይድ ንገብር።

### 'ብልሓት ኮሮና' ዘለዎ ጊዜ ዕረፍቲ

ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ፡ ናይ መውዓል ቈልዑ ፡ ናይ ስራሕ ወይ ናይ ስፖርት መሓዙትና  ወጻኢ ንራኽቦም ሰባት 10 ጥራይ ክኾኑ ከም ዘለዎም፡ ሰበ ስልጣን ኣብዞም ሓድስቲ  ማዕቀባት ይመኽሩ። ስለዚ ከኣ ፡ ብክሮና እንተታሒዝካ ናብ ብዙሓት ንኸይተመሓላልፎ፡  ቀዲሞም ምስ ዝነበሩ መጻውትኻ ፡ ኣዕሩኽ ይኹኑ ኣዝማድ ፡ ምጽዋት እንተቐጸልካ ዝበለጸ እዩ።

### ኣጣቓቕማ ሽፋን ኣፍን ፡ ሽፋን ገጽን ኣብ መዓልታዊ ቅዋማትን ኣብያተ ትምህርቲን

ዝተቐየረ ነገር እዚ ዝስዕብ እዩ ፤ ኣብ ናይ ኦድንሰ ኣብያተ ትምህርቲ  ዝሰርሑ  እንተ ደልዮም ሽፋን ገጽ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ሽፋን ገጽ እንተተገበረ'ውን ገጽ ብሙሉኡ ስለ ዝርኸ ቈልዑ ንምጽውዋግ ገጽ ክርእዩ ይኽእሉ እዮም። ወለዲ ወይ ኣዝማድ ኣብ ውሽጢ ናይ ኦደንሰ ኮሙን  ኣብያተ ትምህርቲ ሽፋን ኣፍ ክገብሩ ኣለዎም ዝብል ግደታ የብልናን። ብዛዕባ'ዚ ለውጢ እንተተገቢሩ ክንገረኩም እዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ  ንደቅኹም ኣብ ተምጽኡሉን ትወስዱሉን ርሕቀት ምሕላውን፡ ምስ ካልኦት ቈልዑ ዘይምትንኻፍን ብቐዳምነት ዘድልዩ እዮም። ንንጽህና ኣእዳው'ውን ኣይትዘንግዑ።

ኣብ ኦደንሰ ንኮሮና ኣብ ምቅላስ ስለ ትሕግዙ ነመስግን። ተውሳኺ ፍልጠት ኣብ ዝስዕብ ገጽ ክትረኽቡ ትኽእሉ:
[https://www.odense.dk/borger/sundhed-og-sygdom/covid-19-(corona-virus)/til-dig-der-har-boern-i-skole-eller-dagtilbud](https://www.odense.dk/borger/sundhed-og-sygdom/covid-19-(corona-virus)/til-dig-der-har-boern-i-skole-eller-dagtilbud)

**ምሕዝናዊ ሰላምታ**

Nikolaj Juul Jørgensen

ሓለቓ ቤት ትምህርቲ